**እዋናዊ መግለፂ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ**

ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ብፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትማሊ ባሕቲ መጋቢት 2017ዓ.ም ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ኣዘዝቲ ግንባራት ሰራዊት ዝፅሓፉዎ እግድ ብዝፃረር መልክዑ ሓላፍነት ዝጎደሎ መግለፂ ኣውፂኡ ኣሎ።

እዚ ብሽም እቲ ቢሮ ዝቐረበ መግለፂ እቲ ቢሮ ንባዕሉ ኣካል ግዝያዊ ምምሕዳር ዘይኮነስ ወታደራዊ ክንፊ ናይ ሓደ ጉጅለ ከምዝኾነ ብዕሊ ዘቃልዕን ነቲ ዝተፈጥረ ፀገም ዝያዳ ዘጋድድን እዩ። ላዕለዋይ ሓላፊ እቲ ቢሮ ፅሩይ መረዳእታ ዝተረኸበሎም ኣብ ውራ መሬት፣ ጉሕለት ሓፂን መፂን፣ ጉሕለት ናይ ሓገዝ እኽሊ፣ ስርቂ ማዕድናትን ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን፣ ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰባት፣ ዘይሕጋዊ ዝውውር ዕጥቅን ኮንትሮባንድን ዝተሳተፉ ኣካላት ኣብ ትሕቱ ቁፅፅር ከውዕሉ ብመንግስቲ ዝተውሃቦም ትእዛዝ ዓፂፎም ኣቐሚጦምዎ እናሃለዉ መሓውር መንግስቲ ምፍራስ ከም ምኽባር ሕጊ ኣምስልካ ምቕራቡ ናይቲ ቢሮ ላዕለዋይ ሓላፊ ናይ መን ወገን ምዃኖም ብግልፂ ዘረድእ እዩ።

እቲ ብሽም እቲ ቢሮ ዝወፅአ መግለፂ ሕጊ ምኽባር ዝብሎ ዘሎ በቲ ድሑር ጉጅለ ዝተወሃቦ ናይ ጥፍኣት ጀንዳ ምፍፃምን መሓውር መንግስቲ ምፍራስን ከምዝኾነ ዕላዊ ኮይኑ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ነቲ በቲ ጉጅለ ዝወፅአ ናይ ጉያ ጉያ ዝወፅአ ሓላፍነት ዝጎደሎን ውዕሊ ፕሪቶሪያ ብቐጥታ ዘፍርስን መግለፂ ብዘንፅቕ መልክዑ ንፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ከምዘይቕበል ግልፂ ገይሩ ኣሎ። ነዚ ንምርግጋፅ ድማ "ዘይሰቐሎ ዘውርድ" ዝብል ብብድዐ ዝተመልአ ኣገላልፃ ብምጥቃም ብሕጊ ንፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተውሃበ ስልጣንን ሓላፍነትን ዘይኮነስ ናይ ሓደ ጉጅለ ህረፍ ስልጣንን ድሕረትን ንምቕባል ዘለዎ ኣንቅዶ ክንደየናይ ከምዝኸደ በዘይሕንከት ኣቐሚጡ ኣሎ።

ብድማር እንትርአ እቲ መግለፂ ናይ መንግስታዊ መሓውር ዘይኮነስ ናይቲ ድሑር ጉጅለ ቅዳሕ እዩ። እዚ ድማ ሕጋዊ፣ ሞራላውን ፖለቲካውን ቅቡልነት ዘይብሉ ስለዝኾነ ብህፁፅ ክእረም ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ግን ስዒቦም ንዝመፅኡ ነገራት ሙሉእ ሓላፍነት ዝወስድ እቲ ብሽም ቢሮ መግለፂ ዘውፅአ ላዕለዋይ መሪሕነት ናይቲ ቢሮ ከምዝኾነ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ህዝብና ብግልፂ ክፈልጦ ይግባእ።

ቤት ፅሕፈት ፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ
02 መጋቢት 2017ዓ.ም
መቐለ